# ታይ በልኪ ትግራይ ?



ታይ በልኺ ትግራይ ወዲኺ ብምሕማሙ
ተስፋ ገይርኺ ንክውድእ ዕማሙ
    አነውን ከማኺ  ልክድሕነለይ ተስፋ ገይረ ነይረ
    ብዘሕ ስራሕ አለዎ ዘይታአስረ።
ዕረፍቲ ዘይትወስድ  መለስ ክንዲ ዝደለኻዮ
አርሒቅኻ ምኻድ ጥዑምዶ ብልኻዮ።
  2ተ ወርሒ ተፈሊኻና
  ብጣዕሚ ተጨኒቅና
  ድሒናካ ትምለስ'ዩ ልመሰለና
ዋ አቲ መሬት !!  ኣይኣኽለክንዶ ሓየሎም ወሲዲኺ
        ኣይኣኽለክንዶ ንክንፈ ወሲድኺ
        ኣይኣኽለክንዶ በዙሓት ጀጋኑ ወሲደኺ
አንቲ ሃንጋፍ መሬት ኹሉ ትቅበሊ
ጨኒቑኪ ነይሩ መን ከምትወስዲ ከምትማሊ።
    ሃየኸስ ውሰድዮ ውፍይ ተቓላሳይ
    መለስዩ ፍለጥዮ ቕድሚ ህዝቢ አነ በሃላይ።
ትቐይመኪ መሬት ሎሚውን ከምትማሊ
መለስ ልክትወስዲ ልሰኣንኺ ዓቕሊ።

ናይ ሎሚ ኣሸንዳ ኣሸንዳና አይኹን
መለስ ወሲዳትላና ከመይ ኾኒ ንኾን።
ኣየዋኺ መሬት ፀጊበ ዘይትብሊ
ኣየዋኺ መሬት ልኹሉ ትኽቅበሊ
በዓል ድርብ ሱረ መፅአ ተቐበሊ።
ፈረሱ ዶ ክኾን ቲሎሚን ዓይንኻ
ፀሊሙዶ ክኾን ቲቐይሕ ኣካልኻ
ንኣኻ ትበልፅ መሬት ኣየዋኻ።
ኣቲ ነሓሰ ? ኣይኣኽለክንዶ ቐዳሞት ዝወሰድክዮም
ክልተ መረሕቲ ዓዲ ዘከታተልክዮም።
ኣንታ ተቓላሳይ ኣታ ሓውና
በዓል ቁምጣ ሱረ አንታ ወናም ጅግና
ኹርዓት ናይ ውድቡ ኹርዓት ናይ ዓድና።
ሓወይዶ ክብለካ ወዲ ዓደይ
ኅይታይዶ ክብለካ ውልድ ትግራይ
አታ ቖራፅ ሓሙት ውፉይ ትጋዳላይ
ኣይትወደአን ስራሕኻ እቲ ነዊሕ ራእይ።
ገና ብጉሓቱ ክኸይድ ካብበልኻ
ሰቲ ኅዝጉዛ መሬት ትቃበልኻ
በል ዳሕና ኹነለይ አብኡ ይሞችውኻ።

አምላክ ነብስኻ ይምሓሮ

መሪር ሓዘን ዝተሰመዐኒ።

ጌታቸው ጓንጉል።